# EMBASSY OF THE STATE OF ERITREA
# NAIROBI

ዕለት፡- 08/04/2011

ናብ፡ ሚኒስትሪ ዜና

ኣብ ኤርትራ ኣምባሳደር ጃፓን ኮይኑ ዝተመዘዘ ሚስተር ቶሺሂሻ ታካታ ብዕለት 8/4/2011 ምስ ናብ ኤምባሲ ሃገር ኤርትራ ኣብ ኬንያ ብምምጻእ ምስ ኣምባሳደር በየነ ርእሶም ኣብ ዝገበሮ ርክብ ነቲ ኣብ ጃፓን ብባህርያዊ ሓደጋ ዘጋጠመ ናይ ምንቅጥቃጥ መሬትን ሱናሚን ዘስዓቦ ዕንወትን ሞትን ኣሻሓት ጃፓናውያን ብወገን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዝተረኣየ ሕውነታዊ ምድድግጋፍን ናይ ሓዘን መግለጺን ብስም መንግስቲ ጃፓን ምስጋንኡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣማሓላሊፉ።

ኣምባሳደር ቶሺሂሻ ታካታ ኣብ መግለጺኡ

ብሰንኪ ባህርያዊ ሓደጋ ኣብ ህዝቢ ጃፓን ዝወረደ ጉድኣ መጠነኑ ቀሊል ከምዘይነበረ ገሊጹ ኣብዚ ናይ ሓዘን እዋን ብወገን መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ዝተራእየ ምድንጋጽን ብፍላይ ብክቡር ፕረሲደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ናብ ኤፐርየር ሂሮሆቶ ዝተላእከ ናይ ሓዘን መግለጺን ከምኡ'ውን ብመንግስቲ ኤርትራ ዝተገበረ ናይ ገንዘብ 50 ሺሕ ዶራል ኣሜሪካ ሓገዝ ብመንግስትን ህዝብን ጃፓን ዓቢ ትርጉም
ከምዘለዎ ገሊጹ።

ኣምባሳደር በየነ ርእሶም ብወገኑ

እዚ ኣብ ጃፓን ወሪዱ ዘሎ ዓቢ ባህርያዊ ዕንወት ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ከምዘጉሃዮም ገሊጹ ጃፓን ንዳግመ ህንጻ ናይዚ ብባህርያዊ ሓደጋ ዝዓነወ ንብረት ኣብ እትብገሰሉ ዘላ እዋን ህዝብን መንግስቲ ኤርትራ ወትሩ ኣብ ጎኒ ህዝቢ ጃፓን ከምዘሎ ድሕሪ ምግላጽ ኤርትራ ብዓቕማ ከተበርክቶ እትኽእል ንምብርካት ድልውቲ ከምዘላ ገልጹ።



ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ናይሮቢ ኬንያ


• New Rehema House, 2nd Floor • Raphta Road, Westlands • P.O. Box 38651 - 00623 Nairobi - Kenya
• Tel: 4448174 / 4443164 • Fax: 4443165 • Email: info@eritreanembassy.co.ke or eritreanembasssy@yahoo.com